# ሬማ

የሱስ ግና፡ ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዚወጽእ፡ ኵሉ ቓል እምበር፡ ብንጌራ ጥራይ ኣይነብርን፡ ጽሑፍ እዩ. .(ሉቃ.4፡4)

እዛ ጽሒፍቲ ክሳብ ምውድኣ ንንበባ። እታ ኣርእስቲ ክንሰምዓ ከሎና ሰረት እምነት ገለ ማሕበር ጌርና ስለ እንወስዳ እየ ከምኡ ዝብል ዘለኹ። ኣብ ኢድና 66 መጻሕፍቲ ሒዙ ዘሎ መጽሓፍ ብዛዕባ ኣምላኽ ዘይኮነስ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ዝወጸ ቃል እዩ። ኩሉ በዚ ቃል እዚ ተፈጢሩ ድማ ብእኡ ጸኒዑ ይነብር።

ቀዳመይቲ ፈተነ ሰይጣን ንጎይታ ኣብ ዘዳግም 8፡4 እትርከብ ተጠቒሙ ነዚ ኣእማን እንጌራ ክኸውን ምስ በሎ ምላሽ ጎይታ " ብኹሉ ቃል ኣምላኽ  እምበር. ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን" ነበረ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እብራይስጢ ኣብ ክንዲ "*ቃል* " ኩሉ ነገር እያ ትብል። ኣብቲ ትርጉም 70 ሊ.ቃውንቲ (septuagent) ማለት መጽሓፍ ቅዱስ ካብ እብራይስጢ ናብ ግሪኽ ምስ ተተርጎመ ግና ነቲ "ኩሉ ነገር ብቃል ኣምላኽ" ተተርጒማ ንረኽባ። ቃል ዝብል ጽርኣውያን ብክልተ መገዲ ይገልጽዎ። እቲ ሓደ ሎጎስ ዝብል ክኸውን ከሎ እቲ ሓደ ድማ ሬማ (***ῥῆμα RHEMA***) እዩ። ሎጎስ ማለት ድሮ እተባህለ ክኽውን ከሎ "*ሬማ*" ድማ ቅጽበታዊ ቃል ምተባህለ። *ሬማ* ካብ ሎጎስ ይመጽእ። እዚ ሬማ ዝብል ቃል ኣብ ሓድሽ ኪዳን ልዕሊ 70 ጊዜ ተረቚሑ ኣሎ። ኮይኑ ግና ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ትግርኛ ንኽልቲኡ *ቃል* ኢሉ ዝለዝጥቀም እቲ ፍልልያቱ ኣይንርእዮን።

ኣምላኽ ድሮ እተዛረቦ ቃል ሎጎስ ክኸውን ከሎ ሬማ ድማ ኣብ ፍሉይ ኩነታት ነቲ ድሮ እንፈልጦ ቃል ክዛረበና ኸሎ እዩ። ኣብ ምሕዳስ ሓሳብና (ሮሜ.12፡2) ክልቲኦም ማለት ሬማን ሎጎስን ኣገደስቲ እዮም። ንምንታይሲ ኣምላኽ ሎጎስ ተጠቒሙ እዩ ሬማ ዝህበና። ብመጠን እቲ እንፈልጦ ሎጎስ ብኽንድኡ ድማ ኣምላኽ ሬማ ይህበና። ሎጎስ ንኹሉ ሰብ እተነግረ ቃል ክኸውን ከሎ ሬማ ድማ ንውልቅና ክዝረበና ኸሎ እዩ። ኣጋጢሙኩም ኣሎ ድሮ እትፈልጥዎ ቃል ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚ ብፍሉይ ምርዳእ እተረድኣኩም! ነታ ሽዓ ምላሽ ንሕቶ ወይ ንጸሎት ኮይናትልኩም ኣላ። ኣይበልኩምን እምበር ብግሪኽ እንተትብልዎ " ሬማ ኮይኑኒ" ምበልኩም። ኣብ ቅዲ ምድሓን ከይተረፈ ዓቢ ግደ ኣለዎ።

መንፈስ ቅዱስ ነቲ ሓጥእ ሰብ ነቲ ሎጎስ ተጠቒሙ ብሬማ ገይሩ ይረትዖ ምበልና። ሰባት ወንጌል እናነገርናዮም ሽዓ ንሽዓ ናብ ምድሓን ዘይመጹሉ ነቲ እንብሎ ዘሎና እናፈለጥዎ ግናኸ ኣይተገልጸሎምን። ፍልጠት እተኣከበ ሓበሬታ ምበልናዮ ምግላጽ ግና ኣብቲ ፍልጠት ብርሃን ምርካብ ምበልናዮ።

ኣብ መንፈሳዊ ውግእ እውን ከምኡ" ነቲ ናይ መንፈስ ሰይፊውን ማለት ቃል ኣምላኽ (***ῥῆμα RHEMA)*** ሓዙ" (ኤፌ. 6፡) እዩ ዝብለና። ኣብኡ ምስ እንዋፈር ካብ መንፈስ ቅዱስ ቃል ተቐቢልና ክንዋጋእ እምበር ብሃሰሰ ለባም ክንዋጋእ ቃል ኣምላኽ ኣይመኽረናን እዩ። ብምርሒት መንፈስ ኣምላኽ ምስ ኣየናይን ነየናይን መንፈስ ክንቃወም ድዩ ክንቃለስ ከምዘሎና ኣይንረስዕ።

ሰብ እምበኣር ካብ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ኣቢሉ ብዝርከብ ምግላጻት *(ምግላሃት፡ ፓ. ይሳቕ ሓይልኣብ*) እናረኸበ እዩ ዝነብር። እዚ ንኽንገብር ወርትግ ኣብ ሎጎስ ማለት ኣብቲ ድሮ እተነግረ ምሉእ ምኽሪ ኣምላኽ ክነብር ኣለዎ። ቤተክርስትያን ነቲ ሎጎስ እናደጋገመት ጥራይ ዘይኮነስ ክርስቶስ ብምሕጻብ ማይ ገይሩ እዩ ዘጽረያ (ኤፌ. 5፡25)። እዚ ድማ በቲ ቃል(***ῥῆμα RHEMA)*** እዩ። እዚ ማለት በቲ በብእዋኑ እቶም ባሮታ ኣፍ ክርስቶስ ብምኺን ዝንገር ቅጽበታዊን ንጊዜኡ ዘድልያ ቃልን ብምጥቃም እዩ።